*ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ*
*ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ*

**المجلس الوطني الإرتري للتغيير الديمقراطي**
**المؤتمر الوطني الثاني**

*Eritrean National Council for Democratic Change*
*Second National Congress*

---

# *ኣባላት ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ኣብ ቦታ ጉባኤ ክበጽሑ ጀሚሮም!!*
## *መራሕቲ ፖለቲካዊ ውድባት ኣገዳሲ ኣኼባ ኣካይዶም !!*



*ዓቢ ሰውራዊ ትስፉው ሃዋሁን፣ ክብ ዝበለ ሃገራዊ ሓላፍነትን ኣብ ዝሰፈኖ ህሞት፣ ኣባላት ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ፣ ጉባኤ ኣብ ዝካየደሉ ቦታ ክኣትዉ ጀሚሮም። ተጋባእቲ ንምቕባል ኩሉ ሎጂስቲካዊ ምቕርራባት ተማሊኡ ምህላዉን፣ ብዙሓት ኣባላት ሃገራዊ ባይቶን፣ መራሕቲ ፖለቲካዊ ውድባትን በርጌሳዊ ማሕበራትን፣ ከምኡ'ውን ኣብ ዝተፈላለየ ሃገራት ብህዝቢ ዝተመርጹ ኣባላት ጉባኤን ድሮ ክበጽሑ ጀሚሮም ምህላዎምን፣ መሪሕነት ሃገራዊ ባይቶ ሓቢሩ።*

*ጉባኤ ብዓወት ንምስልሳል ዘብቅዕ ምቹእ ኩነታት ንምፍጣርን፣ ኣቦ መንበራት ውድባት፣ ወይ'ውን ወከልቶም ዝተሳተፍዎ፣ ሎሚ ቀዳም ዕለት 13/04/2019 ኣገዳሲ ኣኼባ ተኻይዱ። መራሕቲ ፖለቲካዊ ሓይልታት ኣብ ጉባኤ ዝቐርቡ ጉዳያት ኣልዒሎም ብምዝታይ፣ ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ማዕረ'ቲ ህዝብና ዝጽበዮ ዘሎ ዓወት ተጓናጺፉ ንኽወጽእ ውህደት ኣራኣእያ ንምፍጣር ዓሚቑን ውጽኢታውን ልዝብ ኣካይዶም።*

*ብመሰረት ተሰሪዑ ዘሎ መደብ፣ ጽባሕ ሰንበት ዕለት 14/04/2019 ኣኼባ ሃገራዊ ባይቶ ክጅምር ምዃኑ ድማ ተፈሊጡ ኣሎ።*

*ሸማግለ ዜና ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ*
*ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ*

*13/04/2019*